KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Abteilung Volksschule

23. ሕዳር 2020

Tigrinische Sprache

**ሓበሬታ ንወለዲ**

**"ሓገዝ ቋንቋ ጀርመን ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት" (ናይ ፈተነ ፕሮጀክት)**

---

## ጽቡቕ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት (Kindergarten) ንኹሎም ህጻናት

ኩሎም ህጻናት መዋእለ-ህጻናት ኣብ ዝጅምሩሉ፡ ቋንቋ ጀርመን ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ መሊኾም ክጸንሑ ኣገዳሲ እዩ። ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ንመጠነ ዓወት ኣብ ትምህርቲን መዋእለ-ልሃናትን ኣዝዩ ክብ የብሉ።

ስለዚ ድማ ካንቶን ኣርጋው ምስ ካልኦት ዝተፈላለያ ማሕበራት ኮይኑ ናይ ፈተነ ፕሮጀክት ብዛዕባ ምትብባዕ ቋንቋ ጀርመን ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት የካይድ ኣሎ። ዕላማ ድማ እኹል ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ዘይብሎም ህጻናት ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት ዘሎ ዓመት ናይ ቋንቋ ሓገዝ ክግበሮሎም እዩ። ከከም ኩነታት ድማ ኣብ ዝተፈላለያ ማሕበራት እዚ ናይ ጸወታ ጉጅለ (Spielgruppe), ኣብ መውዓሊ ቆልዑት (Kita) ወይ ድማ ኣብ ቋንቋ ጀርመን ዝመልኩ ናይ መዓልቲ ኣለይቲ ህጻናት ክኸውን ይኽእል።

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ብዛዕባ ዕላማን መደባትን "ናይ ቋንቋ ጀርመን ሓገዝ ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት" ("Deutschförderung vor dem Kindergarten") ኣብዚ ትረኽቡ: www.ag.ch/bks > über uns > Dossiers & Projekte > Deutschförderung vor dem Kindergarten.

## መምዘኒ ፎርም ንደረጃ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን

ኩሉኹም ወለዲ ከባቢ 18 ኣዋርሕ ቅድሚ ምጅማር መዋእለ ህጻናት ዘለውኹም  ህጻናት፡ ካብ ማሕበር ዝምላእ ፎርም ክስደደልኩም እዩ። ጥቕሙ ድማ ብቕዓት ቋንቋ ጀርመን ደቅኹም ንምግማት እዩ። እቲ ዝምላእ ፎርም ብዩኒቨርስቲ ባዝል (ጨንፈር ኣተዓባብያን ውልቃዊ ሳይኮሎጂ) ዝተዳለወ እዩ። ነዚ መምዘኒ ፎርም ድማ ንሱ እቲ ትካል እዩ ዝግምግሞ።

ብሓገዝ እዚ ዝምላእ ፎርም ድማ ኣየኖት ህጻናት እዮም ፍጹም ቋንቋ ኣይክእሉን ወይ ቅሩብ ይዘረቡ ክምዘን ይከኣል። እቲ ማሕበር ብድሕሪኡ ርክባት ምስ ወለዲ ናይዞም ህጻናት ብምግባር ደቆም ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት እንታይ ዓይነት ሓገዝ ቋንቋ ክግበረሎም ከም ዝከኣል ይሕብርዎም። እቲ ናይ ሓገዝ ትምህርቲ ብድሌት ጥራይ እኳ እንተኾነ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ወለዲ ክኸፍልዎ ዘለዎም ክፍሊት ነዚ ሓገዝ ቋንቋ ህጻናት ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ኣዝዩ ትሕቱ ከም ዝኸውን ይግበር ኣሎ። ንዝያዳ ጽጹይ ሓበሬታ እቲ ማሕበር ዝምልከቶ ኮይኑ ብእዋኑ ንወለዲ ድማ ክንገሮም ምኺኑ ክንሕብር ንፈቱ።

**ምሕጸና ንኹሎም ወለዲ**

ንዓወት ነዚ መደባት **ኩሎም ወለዲ** ነቶም ዝምልኡ ፎርም ክመልኡ ኣዝዩ ኣድላይነት ኣለዎ። በዚ ኣገባብ ጥራይ እዩ እቲ ማሕበር፡ ክንደይ ህጻናት ከምኡ ድማ ኣየኖት ህጻናት ካብዚ ሓገዝ ክኸስቡ ዝኽእሉ ምሉእ ስእሊ ክህልዎ ዝኽእል።

ዋላ'ውን **ቋንቋ ጀርመን** ዝመልኩ ወለዲ ነዚ ዝምላእ ፎርም መሊኦም ክሰዱልና ንላቦ። ነቶም ጀርመን ቋንቋ ኣደ ዘለዎም ህጻናት፡ ሓሙሽተ ሕቶታት ጥራይ እዮም ዝምልሱ።

**ጥንቁቕ ኣተሓሕዛ ጸብጻባት**

ነቲ ትህብዎ ናትኩም ሓበሬታ ኣብቲ ዝምላእ ፎርም ብጥንቃቐ ንናይ ካንቶን ሕገ-ውሕስነት ጸብጻብ ተማሊኡ እዩ ዝተሓዝ።.

ኣብ ዩኒቨርስቲ ባዝል እቲ ፎርም ብዘይ መፍለጢ ኣስማት እዩ ዝእረም። እቲ ስራሕ ድማ ንስነፍልጠታዊ ዕላማ ጥራይ እዩ። ንካንቶን ኣርጋው ድማ ኣስማት ዘይብሉ ፎርም ንናይ ስታትስትክ ገምጋምን ንምምዛን ነቲ ናይ ፈተነ ፕሮጀክትን ተባሂሉ ጥራይ እዩ ዝዕደሎም።

እቲ ማሕበር ወይ ድማ ብማሕበር ዝተመዘ ትካል ንወለዲ መጺኡ ዝሕብር፡ እንተደኣ እቲ ህጻን ሓገዝ ቋንቋ ጀርመን ዘድልዮ ኮይኑ ጥራይ እዩ። እቲ ኣድራሻ ናይ ሓገዝ ዘድልዮም ህጻናት ዝጥቀምሉ፡ ንቦታ ናይ ሓገዝ ከም መውዓሊ ቆልዑ (Kita) ከምኡ'ውን ናይ ጻውቲ ጉጅለ (Spielgruppe) ኣየኖት ህጻናት ሓገዝ ከም ዘድልዮም ንምሕባር ወይ ድማ ኣየኖት ህጻናት ነቲ ሓገዝ ከም ዘተመዝገቡ ንምሕባር ጥራይ እዩ። ኩሉ ሓበሬታ ኣብቲ ፎርም ዘለው ንዕላማ ናይቲ ፈተነ ፕሮጀክት ጥራይ ደኣምበር ንኻልእ ዕላማታት ዝዓለመ ኣይኮነን። እቲ ዝተመአ ፎርም ድሕሪ ምዝዛም እቲ ፈተነ ፕሮጀክት ኩሉ ክድምሰስ እዩ።

**ሓበሬታ ንሕቶታትን ስክፍታታትንAuskunft bei Fragen und Unsicherheiten**

ኣብ ኩሉ ማሕበራት "ቋንቋ ጀርመን ቅድሚ ምጅማር መዋእለ-ህጻናት" ብመንጽር ፈተነ ፕሮጀክት ተኣንግዱ፡ ወለዲ ስክፍታታት ወይ ሕቶታት ምስዝህልዎም፡ ዝውከስ ኣካልን ናይ መራኸቢ ኣድራሻን ተዳልዩ ኣሎ። እቲ መወከሲ ኣድራሻ ወይ ተወካሲ ኣካል ኣብቲ ንወለዲ ምስቲ ዝምላእ ፎርም ዝስደድ ደብዳበ ናይ ማሕበር ክትረኽብዎ ትኽእሉ።